# ብዛዕባ ጸረ ኮረና ቫይረስ ክትባት ዝምልከት ብብዝሒ ዝቐርቡ ሕቶታት (*versie 25022021*)

| Nederlands | Vertaling Tigrinja |
|---|---|
| **1.Wie krijgt de coronavaccinatie aangeboden?** | **1.ናይ ኮረና ክትባት ዝግበረሉ መን እዩ?** |
| Iedereen in Nederland vanaf 18 jaar en ouder krijgt een vaccinatie aangeboden. U ontvangt hiervoor een uitnodiging. Maar niet iedereen is tegelijk aan de beurt. Er zijn niet meteen voldoende vaccins voor iedereen. | ኣብ ኔዘርላንድ ኩሉ ዕድሚኡ 18 ዓመትን ካብ 18 ዓመት ንላዕልን ዝኾነ ሰብ ናይ ኮረና ክትባት ይወሃቦ እዩ። ነዚ ብዝምልከት ድማ ዕድመ ክግበረልኩም እዩ። ይኹን እምበር ኩሉ ሰብ ብሓንሳብ ኣይኮነን ዝኽተብ። ንኹሉ ሰብ ዝኣክል ክታበት ብሓንሳብ ከተቕርብ ኣይከኣልን እዩ። |
| **2. Wat is de volgorde van vaccineren?** | **2. ናይ'ቲ ክትባት ተርታ ከመይ እዩ ክኸውን?** |
| De overheid bepaalt welke mensen als eerst gevaccineerd worden. Afhankelijk van de groep waar u in valt, ontvangt u een uitnodiging als u aan de beurt bent. De eerste vaccins worden gegeven aan de meest kwetsbare mensen. | ኣየኖት ሰባት ብቐዳምነት ክትባት ከም ዝወስዱ ዝውስን መንግስቲ እዩ። ንስኹም ኣበየናይ ጉጅለ ከም ትምደቡ ተራእዩ ድማ ተርታኹም ምስ በጽሐ ዕድመ ክግበረልኩም እዩ። እቶም ናይ መጀመርታ ክታበታት ነቶም ተነቀፍቲ እዮም ዝበሃሉ ሰባት እዩ ዝወሃቦም። |
| **3. Ik heb het coronavirus al gehad; moet ik mij dan ook laten vaccineren?** | **3. ቅድሚ ሕጂ ብናይ ኮረና ቫይረስ ተለኺፈ ኔረ እየ፣ ሕጂ ክትባት ክወስድ የድልየኒ ድዩ?** |
| Ja. Het advies is om mensen die het coronavirus hebben gehad ook te vaccineren. | እወ፣ ወላ እቶም ብናይ ኮረና ቫይረስ ተለኺፎም ዝነበሩ ሰባት ክኽተቡ ከምዘለዎም እዩ ዝምከር ዘሎ። |
| **4. Moet ik betalen voor een vaccinatie tegen het coronavirus?** | **4. ነዚ ጸረ ኮረና ቫይረስ ዝወሃብ ክትባት ክኸፍል ኣለኒ ድዩ?** |
| De vaccinatie tegen het coronavirus is gratis. | እዚ ዝወሃብ ጸረ ኮረና ቫይረስ ክትባት ብነጻ እዩ። |
| **5. Is de vaccinatie tegen het coronavirus verplicht?** | **5. ጸረ ኮረና ቫይረስ ክትባት ምውሳድ ብግዴታ ድዩ?** |
| Nee, u kunt zelf kiezen of u een vaccinatie tegen het coronavirus wilt. | ኣይኮነን፣ ጸረ ኮረና ቫይረስ ክትክተቡን ዘይክትክተቡን ባዕልኹም ኢኹም ትውስንዎ። |
| **6. Geeft het coronavaccin bijwerkingen?** | **6. ጸረ ኮረና ቫይረስ ክትባት ጎድናዊ ሳዕቤን ኣለዎ ድዩ?** |
| Net als bij alle vaccins zijn er bijwerkingen. Bijwerkingen die het meeste voorkomen zijn roodheid, pijn en zwelling op de plek van de prik. Ook kunt u last krijgen van spierpijn, gewrichtspijn, vermoeidheid, hoofdpijn, koude rillingen en koorts (boven de 38 graden Celsius). Deze bijwerkingen zijn vaak niet zo erg en verdwijnen na een paar dagen. | ከምቲ ኣብ ኩሎም ክትባታት ዘጋጥም ጸረ ኮረና ቫይረስ ክትባት እውን ጎድናዊ ሳዕቤን ኣለዎ። እቶም ብብዝሒ ዝረኣዩ ጎድናዊ ሳዕቤናት፣ ኣብ'ቲ ዝተወግኣሉ ቦታ ይቐይሕ፣ ቃንዛን ሕበጥን ድማ ይገብር። ከምኡ ድማ ናይ ጭዋዳታ ቃንዛ፣ ናይ መላግቦታትት ቃንዛ፣ ድኻም፣ ሕማም ርእሲ፣ ቁሪ ቁሪ ምባል ከምኡ ድማ ረስኒ (ልዕሊ 38 ድግሪ ሰንቲግሬድ) ክገብረልኩም ይኽእል እዩ። እዞም ጎድናዊ ሳዕቤናት መብዛሕትኡ ግዜ ብዙሕ ኣሸገርቲ ኣይኮኑን ድሕሪ ቁሩብ መዓልታት ድማ ይጠፍኡ እዮም። |
| **7. Ik ben zwanger. Kan ik mij laten vaccineren?** | **7. ኣነ ነፍሰ-ጾር እየ ዘለኹ። ክትባት ክወስድ ይኽእል ዶ?** |
| Het vaccin tegen het coronavirus wordt niet aangeraden voor zwangere vrouwen. Bent u zwanger? Overleg dan met uw huisarts/GZA. | ጸረ ኮረና ቫይረስ ክትባት ንነፍሰ-ጾራት ክወሃብ ኣይምከርን እዩ ዘሎ። እንተደኣ ነፍሰ-ጾር ኮይንክን ንክትባት ብዝምልከት ምስ ሓኪምክን/GZA ተመያየጣ። |
| **8. Ik heb koorts en heb verkoudheidsklachten, mag ik gevaccineerd worden?** | **8. ኣነ ረስንን ናይ ጉንፋዕ ጥርዓናትን ኣለኒ። ክትባት ክወስድ ይኽእል ዶ?** |
| Als u klachten heeft die passen bij het coronavirus moet u thuisblijven en u laten testen. U kunt dan niet gevaccineerd worden. Maak een nieuwe afspraak voor de vaccinatie. | እንተደኣ ምስ ናይ ሕማም ኮረና ምልክታት ዝዛመዱ ምልክታት ኣለውኹም ኮይኖም ካብ ገዛኹም ኣይትውጽኡ ተመርመሩ ድማ። ስለ'ዚ ክትባት ክትወስዱ ኣይትኽእሉን ኢኹም ማለት እዩ። ክትባት ንኽትወስዱ ድማ ሓድሽ ቆጸራ ክትሕዙ ኣለኩም። |

| | |
|---|---|
| **9. Is het coronavaccin de beste manier om geen corona te krijgen?** | **9. ብሕማም ኮረና ንኸይትልከፍ እቲ ዝበለጸ ኣገባብ ክትባት ተኸቲብካ ምክልኻል ድዩ?** |
| Als u gevaccineerd bent, is de kans dat u toch het coronavirus krijgt heel klein. Krijgt u toch het coronavirus dan wordt u met een vaccinatie minder ziek. Ook is de kans op ernstige gevolgen zoals bijvoorbeeld blijvende longschade veel kleiner. | እንተደኣ ተኸቲብኩም፣ ብሕማም ኮረና ናይ ምልካፍ ዕድልኩም ውሑድ እዩ ዝኸውን። እንተደኣ ብገለ ብሕማም ኮረና ተለኺፍኩም ድማ ተኸቲብኩም ዝነበርኩም ምስትኾኑ እቲ ሕማም ብርቱዕ ኣይከውንን እዩ ብተወሳኺ ከም ነባሪ ናይ ሳንቡእ መጉዳእቲ ዝኣመሰሉ ብርቱዕ ሳዕቤን ክሕድረልኩም ዘሎ ዕድል ዝወሓደ እዩ ዝኸውን። |
| **10. Ik ben gezond. Is vaccineren dan nodig?** | **10. ኣነ ጥዕና ኣለኒ። ክታበት የድልየኒ ድዩ?** |
| Ook mensen die gezond zijn krijgen het coronavirus en kunnen er ernstig ziek van worden. Door u te laten vaccineren wordt u minder ziek van het coronavirus. Hoe meer mensen gevaccineerd zijn, hoe minder goed het virus zich kan verspreiden. | ወላ እውን ጥዕና ዘለዎም ሰባት ብሕማም ኮረና ክልከፉን ከም ሳዕቤኑ ድማ ኣጸቢቖም ክሓሙን ይኽእሉ እዮም። እንተደኣ ክትባት ተኸቲብኩም ሕማም ኮረና ብዙሕ ኣይሕዘኩምን እዩ። እንተደኣ ብዙሓት ሰባት ተኸቲቦም ድማ፣ እቲ ቫይረስ ዝህልዎ ናይ ምልባዕ ተኽእሎ ዝወሓደ እዩ ዝኸውን። |
| **11. Kan ik als ik gevaccineerd ben toch iemand anders besmetten?** | **11. እንተደኣ ክትባት ተኸቲበ እቲ ሕማም ንኻልእ ሰብ ከመሓላልፈሉ ይኽእል ድየ?** |
| Een vaccinatie voorkomt dat u ziek wordt door het coronavirus. We weten nog niet of iemand die gevaccineerd is het virus toch kan verspreiden. Daarom gelden voor mensen die wel gevaccineerd zijn voorlopig dezelfde maatregelen als voor mensen die niet gevaccineerd zijn. | እቲ ክትባት ንስኹም ብኮረና ቫይረስ ንኸይትሓሙ እዩ ዝከላኸለልኩም። ክትባት ዝወሰደ ሰብ ነቲ ቫይረስ ከመሓላልፍ ይኽእል ድዩ ወይስ ኣይክእልን እዩ ክሳብ ሕጂ ኣይፈለጥናዮን ኣለና። ስለ ዝኾነ ድማ ወላ እውን እቶም ክትባት ዝወሰዱ ሰባት ልክዕ ከምቶም ክትባት ዘይወሰዱ ሰባት ነቶም ዝወጹ ናይ ኮረና ሕግታት ከኽብርዎም ኣለዎም። |
| **12. Als ik gevaccineerd ben en klachten krijg moet ik dan thuis blijven en mij laten testen op het coronavirus?** | 12. **እንተደኣ ክትባት ተኸቲበ ግን ድማ ተጸሊኡኒ ካብ ገዛይ ክወጽእ የብለይን ናይ ኮረና ምርመራ እውን ክገብር ኣለኒ ማለት ድዩ?** |
| Ja, ook als u gevaccineerd bent en u krijgt klachten die passen bij het coronavirus moet u thuisblijven en u laten testen.<br><br>Als u binnen een of twee dagen na de vaccinatie last krijgt van klachten zoals vermoeidheid, hoofdpijn en verhoging (tot 38 graden Celsius) kan dit een bijwerking van de vaccinatie zijn. De bijwerkingen gaan binnen enkele dagen over.<br><br>Heeft u naast deze klachten óók andere klachten die passen bij het coronavirus (zoals verkoudheid, hoesten, benauwdheid of reuk- of smaakverlies)? Of heeft u contact gehad met iemand met het coronavirus? Laat u dan testen. | እወ፣ **እንተደኣ ክትባት ተኸቲብኩም ኮይንኩም እሞ** እንተደኣ ምስ ናይ ሕማም ኮረና ዝዛመዱ ናይ ሕማም ምልክታት ኣለውኹም ኮይኖም እውን ካብ ገዛኹም ኣይትውጽኡ ተመርመሩ ድማ።<br><br>እንተደኣ ክትባት ምስ ተኸተብኩም ኣብ ውሽጢ ሓደ ወይ ድማ ክልተ መዓልታት ድኻም፣ ሕማም ርእሲ፣ ረስኒ (ልዕሊ 38 ድግሪ ሰንቲግሬድ) ዝኣመሰሉ ጥርዓናት ኣለውኹም ኮይኖም እዚኦም ናይ'ቲ ክትባት ጎድናዊ ሳዕቤናት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። እዘም ጎድናዊ ሳዕቤናት ድማ ድሕሪ ቁሩብ መዓልታት ይጠፍኡ እዮም።<br><br>እንተደኣ ኣብ ልዕሊ እዘም ዝተጠቕሱ ጥርዓናት ካልኦት ምስ ናይ ሕማም ኮረና ምልክታት ዝዛመዱ ከም (ጉንፋዕ፣ ምስዓል፣ ናይ ምስትንፋስ ጸገም፣ ናይ ምሽታት ወይ ምስትምቓር ጸገም ዝኣመሰሉ ጥርዓናት  ኣለውኹም ኮይኖም ወይ እውን ምስ ብሕማም ኮረና ዝተለኽፈ ሰብ ተራኺብኩም ኔርኩም ኮይንኩም ክትምርመሩ ይግባእ። |

| | |
|---|---|
| **13. Er zijn verschillende soorten vaccins. Wat zijn de verschillen?** | **13. ዝተፈላለዩ ዓይነት ክታበታት እዮም ዘለዉ። እንታይ እዮም እቶም ፍልልያት?** |
| • Er zijn verschillende soorten vaccins. Elke soort vaccin beschermt u op een andere manier tegen het coronavirus. Ook hoelang u beschermt bent tegen het coronavirus verschilt per vaccin.<br>• Er is ook een verschil in het aantal prikken dat u krijgt. Bij het ene soort vaccin krijgt u 1 prik. Bij andere soorten vaccins zijn meerdere prikken nodig. U krijgt na de eerste prik dan een paar weken later een 2e prik met het vaccin. | • ዝተፈላለዩ ዓይነት ክታበታት እዮም ዘለዉ። ነፍስ ወከፍ ዓይነት ክታበት ካብ ናይ ኮረና ቫይረስ ዝከላኸለልኩም ፍሉይ ብዝኾነ ኣገባብ እዩ። ንኽንደይ እዋን ምክልኻል ከም ዝግበረልኩም ድማ ካብ ክታበት ናብ ክታበት ይፈላለይ እዩ።<br>• ትወስድዎ ብዝሒ ክትባት ድማ ይፈላለይ እዩ። ኣብ ገሊኦም ዓይነት 1 ክትባት እዩ ዝወሃበኩም። ኣብ ገሊኦም ዓይነት ድማ 2 ክትባት እዮም ዝወሃብኹም። ስለዚ ነቲ 1ይ ክትባት ምስ ወሰድክሞ ድሕሪ ገለ ሰምንታት ድማ ነቲ 2ይ ክትባት ክትወስድዎ ኢኹም። |
| **14. Ben ik na de 1e prik meteen beschermd?** | **14. እቲ 1ይ ክታበት ምስ ወሰድኩ ሽዑ ንሽዑ ምክልኻል ተጌሩለይ ማለት ድዩ?** |
| Nee. Als uw vaccin uit 2 prikken bestaat dan bent u na de eerste prik na tien dagen beschermd tegen het coronavirus. De 2e prik is nodig om de bescherming nog beter te maken en waarschijnlijk ook langduriger. Het zorgt voor nog meer antistoffen tegen het coronavirus in uw lichaam. Het is dus belangrijk dat u de 2e prik haalt. | ኣይኮነን። እንተደኣ እቲ ትወስድዎ ክትባት ብ2 ክትባት ዝቘመ ኮይኑ እቲ ቀዳማይ ክትባት ምስ ወሰድኩሞ ድሕሪ ዓሰርተ መዓልታት እዩ ካብ ኮረና ቫይረስ ምክልኻል ዝግበረልኩም። እቲ 2ይ ክትባት ዘድልይ ነቲ ምክልኻል ዝበለጸ ንምግባር እዩ ምናልባት እውን እቲ ዝግበር ምክልኻል ንንውሕ ዝበለ እዋን ንኽገልግል እዩ። እዚ ኣብ ነብስኹም ልዑል ዝኾነ ንኮረና ቫይረስ ክከላኸል ዝኽእል ባእታ ከምዝህልው ይገብር። ስለዝኾነ ድማ 2ይ ክትባት ክትወስዱ ኣድላዪ እዩ። |
| **15. Kan ik kiezen welk vaccin ik wil?** | **15. ዝደልዮ ዓይነት ክታበት ክመርጽ ይኽእል ዶ?** |
| Nee. Het is niet mogelijk om te kiezen welk soort vaccin u wilt. Elk vaccin heeft zijn eigen kenmerken. Het ene vaccin is soms beter geschikt voor een bepaalde doelgroep dan een ander vaccin. De overheid bepaalt welke mensen als eerst gevaccineerd worden en met welk vaccin. | ኣይከኣልን እዩ። ትደልይዎ ዓይነት ክታበት ክትመርጹ ኣይትኽእሉን ኢኹም። ነፍስ ወከፍ ዓይነት ክታበት ነናቱ መለለዪታት ኣለዎ። ሓደ ሓደ እዋን እቲ ሓደ ዓይነት ክታበት ካብ ንገለ ጉጅለ ሰባት ንላዕሊ ንኻልኦት ጉጅለ ሰባት ዝበለጸ ከድምዕ ይኽእል እዩ። ኣየኖት ሰባት ብቐዳምነት ክትባት ክወስዱ ከም ዘለዎምን ኣየኖት ሰባት እንታይ ዓይነት ክትባት ከም ዝወስዱን ዝውስን መንግስቲ እዩ። |
| **16. Zijn alle vaccins veilig en effectief?** | **16. ኩሎም ክታበታት ውሕስነት ዘለዎምን ጽቡቕ ውጺኢት ዘለዎምን ድዮም?** |
| Ja, alle vaccins die in Nederland worden gegeven zijn veilig en effectief. Dat geldt ook voor de coronavaccins. | እወ፣ ኩሎም ኣብ ኔዘርላንድ ዝወሃቡ ክታበታት እንኮላይ እዞም ናይ ኮረና ክታበታት ውሕስነት ዘለዎምን ጽቡቕ ውጺኢት ዘለዎምን እዮ። |
| **17. Weet ik welk vaccin ik heb gekregen?** | **17. እንታይ ዓይነት ክታበት ከም ዝወሰድኩ ክፈልጥ ድየ?** |
| Ja, na de vaccinatie ontvangt u een vaccinatiebewijs. Het is belangrijk dat u dit bewijs bewaart. U wordt gevraagd of u toestemming geeft voor het verwerken van gegevens in het centrale vaccinatieregistratie. | እወ፣ ድሕሪ ክታበት ምውሳድኩም ከም ዝተኸተብኩም ዘረጋግጽ ወረቐት ክወሃበኩም እዩ። እዚ ዝወሃበኩም ወረቐት ድማ ብጽቡቕ ክትዕቅብዎ ይግባእ። እቶም ኣብ'ቲ ወረቐት ዘለዉ ሓበሬታት ኣብ ማእከላይ ናይ ክታበት መዝገብ ንኽምዝገቡ ፍቓደኛታት እንተኾይንኩም እውን ክትሕተቱ ኢኹም። |

| **18. Wat houdt een vaccinatiebewijs in?** | **18. እቲ ከም ዝተኸተብኩም ዘረጋግጽ ወረቐት እንታይ እዩ ትሕዝቶኡ?** |
|---|---|
| Na het vaccineren krijgt u een vaccinatiebewijs. De volgende gegevens vindt u op het vaccinatiebewijs: de datum van de vaccinatie (ingevuld door uitvoerende), naam van het vaccin, batchnummer vaccin, en een QR-code of webpagina die linkt naar de bijsluiter. | ድሕሪ ክታበት ምውሳድኩም ከም ዝተኸተብኩም ዘረጋግጽ ወረቐት ክወሃበኩም እዩ። ኣብ'ቲ ወረቐት እዞም ዝስዕቡ ሓበሬታት ክሰፍሩ እዮም፥ ክታበት ዝወሰድክምሉ ዕለት (እቶም ዝኸተቡኹም ዝመልእዎ)፣ ናይ'ቲ ክታበት ስም፣ ናይ'ቲ ክታበት ኮድ ቁጽሪ፣ ናይ QR ኮድ ወይ ናብ ናይ ኣጠቓቕምኡ መምርሒ ዝወስደካ ናይ ኢንተርነት ኣድራሻ። |
| **19. Waarom is het belangrijk om te registreren wie welk vaccin heeft ontvangen?** | **19. መን እንታይ ዓይነት ክትባት ከም ዝወሰደ ምምዝጋብ ኣድላዪ ዝኸውን ንምንታይ እዩ?** |
| Het is belangrijk voor u zelf om te weten welk vaccin u heeft gekregen en wanneer. Alleen dan kunt u, als het nodig is, geïnformeerd worden als er een probleem is met een vaccin. Ook zorgt registratie voor duidelijkheid over wanneer u voor de tweede vaccinatie opgeroepen moet worden en welk vaccin gegeven moet worden. | መዓስን እንታይ ዓይነት ክትባትን ከም ዝወሰድኩም ንባዕልኹም ኽትፈልጡዎ ንዓኩም ኣድላዪ እዩ። ብኸም'ዚ ድማ ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ እዋን እንተደኣ እቲ ክትባት ገለ ጸገም ተረኺብዎ ሓበሬታ ከም ዝበጽሓኩም ክግበር ይከኣል ማለት እዩ። ከምኡ ድማ እንተደኣ ተመዝጊብኩም ኮይንኩም እቲ ካልኣይ ክታበት መዓስ ከም ትወስድዎን እንታይ ዓይነት ክታበት ክኸውን ከም ዘለዎን እውን ንጹር ይኸውን። |